# ተመላሲ ገንዘብ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታት: ብቑዕነት

ብቑዓት ዝኾኑ ተማሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝገሹሉ እዋን እቲ ዝኸፈልዎ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታቶም ክምለሰሎም ይኽእል ኢዩ። ሕጋዊ መሰረት ናይዚ ድማ ኣብ ሕጊ ቤት ትምህርቲ ክፋል-161 ዝርከብ ኢዩ (Hessisches Schulgesetz)።

ብቑዕ ንምዃን እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ከተማልእ ኣለካ፤

## መንበሪ ቦታ

ኣብ ፍራንክፈርት ክትነብር ኣለካ። ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ከተማ ፍራንክፈርት ኣም ማይን (Frankfurt am Main) ዝርከብ በዓል መዚ ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ፡ ሓላፍነት ትምህርቲ ዝወስድ ኮይኑ፡ ኣብቲ ከባቢ ንዝነብሩ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ናይ መጓዓዝያ ወጻኢታቶም ክመልስ እዩ።

## ካብቲ ቤት ትምህርቲ ዘለዎ ርሕቀት

ካብቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ውሱን ርሕቀት ክትነብር ኣለካ። ንውሓት እቲ ርሕቀት ኣብቲ ውላድካ ዝመሃረሉ ዓይነት ቤት ትምህርቲ ይምርኮስ፤

> **መባእታዊ ደረጃ** (Primarstufe)፤ እቲ መባእታ ቤት ትምህርቲ ካብቲ እትነብረሉ ቦታ ልዕሊ ክልተ ኪሎ ሜተር ክኸውን ኣለዎ።
>
> **ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ** (Sekundarstufe I፤ **ካብ 5ይ ክሳብ 9ይ ወይ 10ይ ክፍሊ**)፤ ውላድካ ቤት ትምህርቲ ከይቀየረ ዝደለዮ ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ብቕዓት ክረክብ ዝኽእለሉ ሓደስቲ ምዝገባ ዝቕበል ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ካብቲ እትነብረሉ ቦታ ልዕሊ ሰለስተ ኪሎሜተር ክኸውን ኣለዎ።

## ትርጉማት

**ዝቐረበ ቤት ትምህርቲ**፤ እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ውላድካ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ብቕዓት ክረክብ ዝኽእለሉን ካብቲ እትነብረሉ ቦታ ዝሓጸረ ርሕቀት ዘለዎን እዩ።

**ሓደስቲ ምዝገባ ዝቕበል ቤት ትምህርቲ**፤ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ምጅማር ነፍሲ ወከፍ ሓድሽ ዓመት ትምህርቲ ድሕሪ ደገም ሓደስቲ ተማሃሮ ክቕበሉ እንተዘይክኢሎም ይሕብሩና። እቲ ኣብ ቀረባ ዝርከብ ሓደስቲ ምዝገባ ዝቕበል ቤት ትምህርቲ ካብቲ ናይ ሰለስተ ኪሎ ሜተር ገደብ ንላዕሊ ምዃኑ ነረጋግጽ።

ኣብ መንጎ መንበሪ ቦታኻን ሓደስቲ ምዝገባ ዝቕበል ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ቤት ትምህርትን ዘሎ ናይ እግሪ ርሕቀት፡ ብቤት ጽሕፈት ቀያዲ ከተማ ዝተዳለወ ወግዓዊ ዲጂታላዊ ካርታ ከተማ ተጠቒምካ'ዩ ዝዕቀን።

## ፍሉይ ድንጋገታት

ፍሉይ ድንጋገታት ንጉድኣት ኣካል ተማሃሮ ቤት ትምህርትን እቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝወስድ መንገዲ ብመሰረት ሕጊ ሓደገኛ ተባሂሉ ብዝምደብ መገዲ ዝኣዓዙ ተማሃሮን ይምልከት። ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ ሰራሕተኛታትና ተወከሱ።

## ናይ ብቕዓት ግዜ

ውሉድካ ኸንደይ ዝኣክል ግዜ ገንዘብ ክምለሰሉ ከም ዝኽእል ኣብቲ ዝመሃርዎ ዓይነት ቤት ትምህርቲ እዩ ዝምርኰስ፦

Hauptschule: ክሳብ 9ይ ክፍሊ ሓዊሱ ብቑዓት
Erweiterte Hauptschule: ክሳብ 10 ክፍሊ ሓዊሱ ብቑዕ
Realschule: ክሳብ 10 ክፍሊ ሓዊሱ ብቑዕ
IGS: ክሳብ 10 ክፍሊ ሓዊሱ ብቑዕ (Realschulabschluss)
G 8: ክሳብ 9ይ ክፍሊ ሓዊሱ ብቑዓት
G 9: ክሳብ 10 ክፍሊ ሓዊሱ ብቑዕ

ሞያዊ ኣብያተ ትምህርቲ፤ ታሕተዋይ ደረጃ ሞያዊ ስልጠና ዝረኽቡ ተማሃሮ ገንዘቦም ንኽምለሰሎም ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። እዚ ዝፍጸም ንተማሃሮ ኣብ ዝስዕብ ጊዜ ኢዩ፡

- ኣብ ናይ መጀመርታ ዓመት ናይ ክፍለ ግዜ ወይ ምሉእ ግዜ ሞያዊ ትምህርቶም፤
- ንመጀመርታ ዓመት ኣብ ፍሉይ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ምምሃሮም፡ ነቲ ናይ ምሉእ ግዜ ግዴታዊ ትምህርቲ ዝምልከት ረቛሒ ከማልኡ ኣብ ዘኽእሎም እዋን፤
- ኣብ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ናይ መጀመርታ ዓመት ፍሉይ መጽናዕቲ ኮርሶም።

## መራኽቢ

Stadtschulamt Frankfurt am Main
Kathrin Abend
Solmsstraße 27-37
60486 Frankfurt am Main

ቴሌፎን: + 49 (0)69 212 38574
ኢመይል: Kathrin.abend@stadt-frankfurt.de
Schuelerbefoerderung.amt40@stadt-frankfurt.de

frankfurt.de/schuelerbefoerderung